# ሞኖ ክሎናል ኣንቲቦዲ ሕክምናታት እንታይ እዮም?

ንልዑል ሓደጋ ናይ COVID-19 ሕማም እንተሃልዩካ ከምኡውን ናይ COVID-19 ውጽኢት መርመራኻ ፖዘቲቭ ምስ ዝኸዉን ወይ ምስ ናይ መርመራ ውጽኢቱ ኣወንታ ዝኾነ ሰብ ጥቡቕ ርክብ እንተነይሩካ፣ ናይ ሞኖ ክሎናል ኣንቲቦዲ (mAb) ሕክምና ንምውሳድ ክትሓስበሉ ኣለካ። ኣብ ዕድሜኻ፣ ናይ ጥዕና ታሪኽካ፣ ከምኡውን ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ምልክታት ነይሮምኻ ብምሙርካስ COVID-19 ንምሕካም ንmAb ሕክምና ብቑዕ ክትኾዉን ትኽእል ኢኻ።

እቲ ናይ mAb ሕክምና ናይ COVID-19 ዘስዕብ ቫይረስ ናብ ዋህዮታትኩም ንከይኣትዉን ኣብ ውሽጢ ኣካልኩም ዘለዉ ቫይረሳት መጠኖም ንምንካይ ይጠቅም። እዚ ማለት ማእከላይ ምልክታት ክህልዉኹም ይኽእል ከምኡውን ናይ ሆስፒታል ክንክን ናይ ምውሳድ ዕድል ይንኪ።

ናይ mAb ሕክምና ንከምዚ ዓይነት ኩነታት ዘለዎም ሰባት ክሕግዝ ይኽእል እዩ፡-

- ልዕሉ ጽኑዕ ምልክታት ንምርካብ ኣብ ልዑል ሓደጋ ዘለዉ **ከምኡውን**
- ናይ COVID-19 መርመራ ውጽኢቶም ን7 መዓልትታት ወይ ትሕቲኡ ፖዘቲቭ ዝኾነ **ወይ**
- ምስ ኣብ ቀረባ እዋን ናይ መርመራ ውጽኢቱ ፖዘቲቭ ዝኾነ ሰብ ጥቡቕ ርክብ ምስ ዝነብረኩም

---

## ሞኖ ክሎናል ኣንቲቦዲ እንታይ እዩ?

ኣካልኩም ብተፈጥሮ ርኽሰት ንምቅላስ ኣንቲቦዲ ይሰርሕ እዩ። ይኹን ግን፣ ኣካልኩም ከም ኖቨል (ሓድሽ) ቫይረስ ከም SARS-CoV-2 COVID-19 ዘስዕብ ቫይረስ ዝኣመሰሉ ከለልዩ ዝኽእሉ ኣንቲቦዲ ዘይክህልዉዎ ይኽእል እዩ። ሞኖ ክሎናል ኣንቲቦዲ፣ ወይ mAbs፣ ኣብ ቤተ-ፈተነ ዝስርሑ ኮይኖም ንፍሉይ ርኽሰት (ኣብዚ ግዜ፣ SARS-CoV-2) ንኺቃለሱ ድማ ይስርሑ ከምኡውን ንዓኹም ብቐጥታ ብመርፍእ ይወሃበኩም። ናይ ጽኑዕ ምልክታት እንተሃሊኹም ወይ ኣብ ሆስፒታል ምጽናሕ ኣብ ልዑል ሓደጋ ምስ ትህልዉ ናይ mAb ሕክምና ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

ናይ mAb ሕክምና ናይ COVID-19 ካብ ናይ COVID-19 ክታበት ዝተፈለየ እዩ። እቲ ክታበት ናይ ኣካልኩም ናይ ተፈጥሮ ናይ ምክልኻል ግብረመልሱ ይውስኽሉ፣ ግና እዚ ኣንጻር እቲ ቫይረስ እኹል ኣንቲቦዲ ንምምዕባል ሰሙናት ክወስድ ይኽእል እዩ። ስለዚ ፣ እቲ ቫይረስ ምስ ዝህልወኩም ፣ እቲ ናይ mAb ሕክምና ንነብስኹም ገዛእ ርእሱ ንምክልኻል ኣንቲቦዲ ይህቦ። ናይ mAb ሕክምና ካብ እቲ ክታበት ዘሎ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣገዳስነት ኣይትክኦን እዩ ግና ጽኑዕ ዝኾነ ናይ COVID-19 ኣብ ናይ ምምዕባል ሓደጋ እንተሃሊኹም ግና ክሕግዝ ይኽእል እዩ።

## ናይ ሞኖ ክሎናል ኣንቲቦዲ ሕክምና ከሕምመኒ ይኽእል ድዩ?

ሕክምናታት ናይ ኣንቲቦዲ ሂወታዊ ቫይረስ ኣይሓዙን እዮም፣ ስለዚ ካብ mAb ሕክምና COVID-19 ክሕዘካ ኣይክእልን እዩ። እንተኾነ፣ እቲ ናይ ኣንቲቦዲ ሕክምና ጎናዊ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእ እዩ። ብኽብረትኩም ብዛዕባ ክህልዉ ዝኽእሉ ጎናዊ ሳዕቤናት ከምኡውን እንተጋጢሙኩም እንታይ ክግበር ከም ዘለዎ ምስ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኹም ተመያየጡ።

## • ንናይ ሞኖ ክሎናል ኣንቲቦዲ ሕክምና ብቑዕ ምስ ዘይትኸዉን'ከ??

ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኹም ንmAb ሕክምና ብቑዓት ከም ዘይኮንኩም ክውስን እዩ። ነዚ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ክህልዉዎ ይኽእሉ እዮም። ኩሉ ናይ ብቑዕነት መዐቀኒ ዘይተማልእዎ ትኾኑ ፣ ወይ ናይ mAb ሕክምና ካብ ምውሳድ ዝዓግተኩም ሕዱር ዝኾነ ናይ ጥዕና ኩነታት ክህልወኩም ይኽእል። ንኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኹም ካልእ ናይ ሕክምና ኣማራጺታት ሕተትዎ።

## • ከመይ ገይረ ሞኖ ክሎናል ጸረ-ኣና ኣካል ክረክብ ይኽእል?

1ይ ስጉምቲ፦ ን COVID-19 ፖዘቲቭ ውጽኢት መርመራ ከምኡውን ምልክታት ን7 መዓልቲ ወይ ትሕቲኡ ምስ ዝህሉ።

2ይ ስጉምቲ፦ ካብ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኹም ናይ መወከሲ ተቐበሉ።

3ይ ስጉምቲ፦ ክርከብ ዝኽእል ናይ መዉጊኢ ማእኸል ርከቡ።

ናይ mAb ንምውሳድ ንሕክምና ካብ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኹም ክትልኣኹ ኣለኩም ከምኡውን ናብ ክርከብ ዝኽእል ናይ መዉጊኢ ማእከል ክምራሕ ኣለዎ። **ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኹም እንተዘይሃልይኩም፣** ብዛዕባ ምልክታትኩምን ሕክምናኹምን ንመን ከም ትዛረቡ ንምፍላጥ ናብ Combat COVID Monoclonal Antibodies Call Center (ንናይ ምቅላስ ኮቪድ ሞኖ ክሎናል ኣንቲቦዲ ናይ መራኸቢ ማእኸል) ብ 1-877-332-6585 ደውሉ።

DOH 825-031 March 2022 Tigrinya

እዚ ሰነድ ብኻልእ መልክዕ ክትሓትት እንተደሊኻ ናብ 1-800-525-0127 ደውል። ጸማማት ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ዓማዊል፣ በይዛኹም ብ711 ይደውሉ (Washington Relay) ወይ ናብ mailto:ecivil.rights@doh.wa.gov ኢ-መይል ስደድ።